ብፖስታ ዝተላእከ ናይ QR ኮድ ደብዳቤ

ዕለት፥

ናብ፥

ዝኸበርኩም

ካብ ወርሒ ሰነ 1 ኣትሒዙ፡ ወርሓዊ ረብሓታትኩም ናይ ፍረታትን ኣሕምልትን ከምኡ'ውን እቲ ናይ ጥቕምታት Farmers Market Nutrition Program (FMNP, መደብ ኣመጋግባ ዕዳጋ ሓረስቶት) ምስቲ ናይ Special Supplemental Nutrition Program for Women, Infants and Children (WIC, ንደቂ ኣንስትዮን ንሕጻናትን ንቈልዑን ዚኸውን ፍሉይ ተወሳኺ መደብ ኣመጋግባ) ክዩ-ኣር ኮድ ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም።

በጃኹም QR ኮድኩም ኣብ ቅድሚት ናይ WIC ካርድኩም ኣተሓሕዝዎ። ብተወሳኺ እንተተኻኢሉ ነቲ ክዩ-ኣር ኮድ ብስልክኹም ክትስእልዎ ንላቦ።

ክዩ-ኣር ኮድኩም ንምጥቃም በጃኹም ነዞም ዝስዕቡ ስጉምትታት ዘክር፤

1. ክዩ-ኣር ኮድካ ወይ ስእሉ ናብ ፍቓድ ዘለዎ ዕዳጋ ሓረስቶት ወይ ድኳን ሕርሻ ውሰድ።
   - ዝርዝር ናይ ፍቓድ ዘለዎም ዕዳጋታት ሓረስቶት ወይ ናይ ሕርሻ ድኳናት ንምርካብ፡ ነዚ ተጠቀም WICShopper ኣፕ ወይ ድማ [ኣብ መርበብ ሓበሬታ WIC Farmers Market Nutrition Program ዋሽንግተን] ፈትሽ፡ (ብቋንቋ ስጳኛ ይርከብ) ኩሎም ዝርዝራት ናይ ሓረስቶት ኣብ ዕዳጋ ወይ ሕርሻ ቦታ ንምርካብ።
   - "WIC & Senior Farmers Market Benefits Welcome Here (ናይ ደቀንስትዮ፡ ዕሽላትን ቆልዑን ከምኡ ድማ ናይ ኣረጋውያን ናይ ዕዳጋ ጥቕምታት ኣብዚ ቅቡላት እዮም" ዝብል ምልክት ዘለዎም ኣፍረይቲ ድለዩ።
   - ፍቓድ ዘለዎም፡ ኣብ ከባቢኻ ዝበቁሉ ፍሩታታትን ኣሕምልትን፡ ከምኡ'ውን ፍሩያት፡ ዝተቖርጹ ዝብላዕ ኣትክልቲ ጥራይ ግዛእ። ዝርዝር ናይቶም ዝጸደቑ መግብታት ንምርካብ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ርአ።

2. እቲ ናትካ ባዓል 4-ኣሃዝ ፒን ትፈልጦ ምዃንካ ርግጸኛ ኹን። ከምቲ ናይ WIC ካርድካ ፒን ተጠቐም።
   - እቲ ናትካ ፒን ዘይትዝክሮ እንተኾንካ፣ ኣብ ዝኾነ እዋን ቀትሪ ይኹን ለይቲ ናብ 1-844-359-3104 ደዊልካ ከምብሓድሽ ከምዝዳለወልካ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። እዚ ቁጽሪ'ዚ ኣብ ድሕሪት ናይ WIC ካርድኹም ኣሎ።
   - ናይቲ ወናኒ ካርድ ናይ ልደት ዕለትን ዚፕ ኮድን ኣእትው።

3. እንታይ ዓይነት ረብሓታት ፍረታትን ኣሕምልትን ከምዘለካ ንምርኣይ መርምር።
   - ናይ WICShopper ኣፕ ተጠቐም።
   - ምስቲ ካርድ ተዓሺጉ ዝቐረበ ናይ ዕዳጋ ዝርዝር እንተደኣ ኣልዩ ረኣዮ።
   - ናይ መወዳእታ ናይ WIC ግሮሰሪ ሹቕ ቅብሊትካ ረኣይ።
   - ናብ ናይ WIC ክሊኒክ ደውል።

4. ፍርያትካ ድሕሪ ምምራጽካ፡ ነቲ ሓረስታይ ክዩ-ኣር ኮድ ኣርእዮ፡ እቲ ሓረስታይ ጠቕላላ መጠን ገንዘብ ናይቲ ዕድጊ የእቶ፡ በዚ ድማ ንስኻ ድማ PINካ ኣብ ሞባይል መሳርሒ ናይቲ ሓረስታይ ብምእታው ነቲ ናይ ዕድጊ መጠን ገንዘብ ተጽድቖ።

በጃኹም ን Cascades ደገፍ (ካስኬድስ ሳፖርት) ብ 1-800-841-1410 ደውሉ፣ ኤክስተንሽን ብምምራጽ። 2, ድሕሪኡ ብዝኾነ ካብዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት 3 ምረጽ፥

- ብዛዕባ ክዩ-ኣር ኮድካ ዝምልከት ሕቶታት
- ኣብ ዕዳጋ ሓረስቶት ወይ ድኳን ሕርሻ Qክዩ-ኣር ኮድ ምጥቃም ጸገማት።

ናይ WIC ክሊኒክኩም

ብፖስታ ዝተላእከ ናይ QR ኮድ ደብዳቤ

**ናይ ዋሽንግተን WIC ኣድልዎ ኣይገብርን።**
ብመሰረት ሕጊ ሲቪላዊ መሰላት ፌደራልን ደንብታትን ፖሊሲታትን ሲቪላዊ መሰላት U.S. Department of Agriculture (USDA, ክፍሊ ሕርሻ ኣሜሪካ) እዚ ትካል ብመሰረት ዓሌት፣ ሕብሪ፣ ሃገራዊ መበቆል፣ ጾታ (ጾታ መንነትን ጾታዊ ዝንባለን ሓዊሱ)፣ ስንክልና፣ ዕድመ፡ ወይ ቅድሚ ሕጂ ንዝነበረ ንጥፈታት ሲቪላዊ መሰላት ሕነ ምፍዳይ ወይ ሕነ ምፍዳይ ኢሉ ኣድልዎ ከርኢ ተኸልኪሉ እዩ።

ናይ ፕሮግራም ሓበሬታ ካብ እንግሊዝኛ ወጻኢ ብዝኾኑ ቋንቋታት ክርከቡኢ ይኽእሉ። ስንክልና ዘለዎምን ናይ'ቲ ፕሮግራም ሓበሬታ ንምርካብ ካልእ ናይ ርክብ ኣማራዊ (ንኣብነት፣ ብረይል፣ ዓብዪ ሕትመት፣ ዝተቐረጸ ድምፂ፣ ናይ ኣሜሪካ ናይ ምልክት ቋንቋ) ዝደልዩ ሰባት፣ ምስ'ቲ ዝምልከቶ ክፍለሃገር ወይ ነቲ ፕሮግራም ዘመሓድር ዞባዊ ኤጀንሲ ይርከብዎም፣ ወይ ንናይ USDA ማእከል Technology & Accessible Resources Give Employment Today (TARGET, ተክኖሎጅን ተረከብቲ ምንጭታት ሓበሬታን ሎሚ ስራሕ ይህቡ) ብ (202) 720-2600 (ድምፂን ናይ ጽሙማንን) ምድዋል ወይ ድማ ብትሕቲ Federal Relay Service (ኣገልግሎት ሪለይ ፌደራል) ብ(800) 877-8339 ን USDA ክረኽቡ ኣለዎም።

ናይ ፕሮግራም ኣድልዎ ጥርዓን ንምቕራብ፣ እቲ ጥርዓን ዘቕረበ Form AD-3027፣ USDA Program Discrimination Complaint Form (ቅጥዒ AD-3027፣ ቅጥዒ ጥርዓን ኣድልዎ ፕሮግራም USDA) ክመልእ ኣለዎ እዚ ድማ ብኢንተርነት ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ፥https://www.usda.gov/sites/default/files/documents/USDA-OASCR %20P-Complaint-Form-0508-0002-508-11-28-17Fax2Mail.pdf (ብእንግሊዘኛ) ፣ ካብ ዝኾነ ቤት ጽሕፈት USDA፣ ብስልኪ ቁጽሪ (866) 632-9992 ብምድዋል፣ ወይ ናብ USDA ደብዳበ ብምጽሓፍ ክትረኽቦ ትኽእል። እቲ ደብዳበ ናይቲ ጠራዒ ስም፡ ኣድራሻ፡ ቁጽሪ ተሌፎን፡ ከምኡ ድማ ጽሑፍ መግለጺ ናይቲ ዝኽሰስ ዘሎ ናይ ኣድልዎ ተግባር ብእኹል ዝርዝር ክቐርብ ኣለዎ ነቲ Assistant Secretary for Civil Rights (ASCR, ተሓጋጋዚ ጸሓፊ ሲልላዊ መሰላት) ብዛዕባ እቲ ባህርን ዕለትን ናይቲ ዝኽሰሰ ዘሎ ግህሰት ሲቪላዊ ኣድልዎ ንምሕባር። እቲ ዝተመልአ ናይ AD-3027 ቅጥዒ ወይ ደብዳቤ ናብ USDA በዚ ዝስዕብ ክልኣኽ ኣለዎ፥

1. **ፖስታ፥**
   U.S. Department of Agriculture
   Office of the Assistant Secretary for Civil Rights
   1400 Independence Avenue, SW
   Washington, D.C. 20250-9410; ወይ
2. **ፋክስ፥**
   (833) 256-1665 ወይ (202) 690-7442; ወይ
3. **ኢመይል፥**
   program.intake@usda.gov

እዚ ትካል'ዚ ወሃቢ ማዕረ ዕድላት እዩ።
ናይ ዋሽንግተን WIC ኣድልዎ ኣይገብርን።

እዚ ሰነድ'ዚ ብኻልእ መልክዕ ክቐርበልኩም ንምሕታት፡ ናብ 1-800-841-1410 ደውሉ።
ጸማም ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም እንተደኣ ኣሎካ፡ ብ 1-800-841-1410 ደውል ወይ ኢመይል wic@doh.wa.gov. ርኸበና።